2022

# ቤት ጽሕፈት ጠቕላሊ ቆንስል ሃገር ኤርትራ ፍራንክፈርት - ጀርመን

# ሓበሬታ ብዛዕባ ቆንስላዊ ኣገልግሎት

## ቤት ጽሕፈት ጠቕላሊ ቆንስል ሃገር ኤርትራ ፍራንክፈርት-ጀርመን

# ሓበሬታ ብዛዕባ ቆንስላዊ ኣገልግሎት

ፍራንክፈርት (ጀርመን)
2022

# ተልእኮ ቆንስላዊ ጉዳያት

ቆንስላዊ ጉዳያት ኣብ ውሽጢ ኤርትራን ኣብ ወጻኢ ዝርከባ ሚሽናትናን ፡ ጽፉፍን ስሉጥን ቆንስላዊ ኣገልግሎት ንምሃብ ዝተመዘዘ ኣካል ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኤርትራ እዩ።

ጨንፈር ቆንስላዊ ጉዳያት ኢሚግረሽናዊን ምምሕደራዊን ህዝባውን ኣገልግሎት ዝህብ፡ ትካላት መንግስቲ ዘውጽአአ መምርሒታትን ቐጥዕታትን ኣዋጃትን ብምውህሃድ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝነጥፍ እዩ።

## <u>ቀንዲ ዕላማታት /Objectives</u>

- ስሉጥ ቆንስላዊ ኣገልግሎት ምብርካት
- ናይ ህዝቢ ውዳበን ኣበርክቶን ንልምዓት ሃገር ምሕያል
- መሰላት ረብሓታት ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ ምሕላው
- ናይ ህዝብታት ምሕዝነት ምዕዛዝን፡ ንግዳውን፡ ወፍራውን፡ ባህላውን፡ ሽርክነት ምዕባይን፡
- ኣብ ሃገራዊ ሓድነትን ልኡላውነትን ልዑል ኣበርክቶ ምግባር፡
- ናይ ኤርትራ እወታዊ ስእሊ ምንጽብራቕ

ኣድራሻ ቤት ጽሕፈት ጠ/ቆንስል ፍራንክፈርት (ጀርመን) እዚ ዝስዕብ ኢዩ።

Konsulat des Staates Eritrea
Lyoner Str. 34, 60528 Frankfurt am Main

ብኢ-ሜል *info@konsulat-eritrea.de* መልእኽትኹም ክትሰዱ ትኽእሉ። ካብዚ ወጻኢ ብካልእ ኢ-ሜይል ዝመጽእ ሕቶ ፡ መልሲ ከምዘይንህብ ክንሕብር ንፈቱ።

ኣገልግሎት ንህበሉ ስልኪ ቁጽሪ **069 – 69534600** ብምድዋል ኣብ www.konsulat-eritrea.de ወይ https://konsulat-eritrea.de ኣቲኹም ፎርም ብምምላእ ቆጸራ ክወስዱ ይኽእሉ። እዚ ምስ ዘይከኣል ብኣካል መጺኢኩም'ውን ቆጻራ ክትወስዱ ትኽእሉ ኢኹም። **ዝወሃብ ኣገልግሎት ብቆጸራ ኢዩ።**

## ናይ ስራሕ ሰዓታት

ሰኑይ - ሓሙስ ፣ ንጉሆ ካብ **8:00** ክሳብ **1:00** ናይ ምሸት ካብ **2:00—5:00** ድ/ቀ

ዓርቢ ውሽጣዊ ስርሓት ነጻፍፈሉ ብምዃኑ ንተገልገልቲ ዕጹው ኢዩ።

# ቤት ጽሕፈት ጠ/ቆንስል ዝህቦም ኣገልግሎታት

## 1. ወረቐት-መንነት

### 1.1. ሓድሽ ኤርትራዊ ወረቐት መንነት ዘድልዩ፦

- ፎርም መሕተቲ መንነት ብኣካል ኣብ ቤት ጽሕፈት ቆንስል ምምላእ
- ምሉእ ስም ሓታታይ ክሳብ 3ይ ወለዶ
- ዕለትን ቦታ ልደትን
- ምሉእ ስም ኣደ ክሳብ 3ይ ወለዶ
- ቅዳሕ ወረቐት መንነት ናይ ወለዲ
- ኣቦን ኣደን ብህይወት ምስ ዘይህልዉ ቅጺ ምስክርነት ዜግነት ንነበርቲ ወጻኢ ብውክልና ይምላእ (ስም ወኪል ቁጽሪ ቴሌፎን ኣብ ኤርትራ ዝርከብ ቀረባ ዘመድ ብኣደ ወይ ብኣቦ)
- መበቆል ዓዲ ናይ ኣቦን ኣደን

- ኣርባዕተ ስእሊ 4,5x3.5 (ድሕሪ ባይታ ጻዕዳ)
- ስእሊ ምስ መነጸር ብሓኪም ዝተኣዘዘ ምስ ዝኸውን ብሓኪም ከም ዝትኣዘዘ ዘረጋግጽ ሰነድ
- ሰነድ መንበሪ ፍቓድ ኣብ ጀርመን/ ኣብ ኢድ ናይ ዘሎ ፓስፖርት ቅዳሕ
- ምሉእ ኣድራሻ
- ክፍሊት ዕድሚኦም ካብ 18 ክሳብ 20 ዓመት ንዝኾኑ፦ **20.00** ኣይሮ
- ክፍሊት ልዕሊ ዕስራ-ሓደን ዓመት ዝዕድሜኦም፦ **20.00** ኣይሮ ተደመሮ **15.00** ኣይሮ ንነፍሲ ወከፍ ተወሳኺ ዓመት
- ወረቐት መንነት ተሰሪሑ ምስ መጽአ ንመላኣኺ ቡስጣ ዘገልግል እኹል ብዝሒ ገንዘብ ዘለዎ ቴምብር
- ግዚያዊ መንነት ክወሃቦም ዝደልዩ ተዋሳኺ ክፍሊት **10.00** ኣይሮ

## 1.2. መተካእታ ወረቐት መንነት ዝሓቱ

- ፎርም መሕተቲ መንነት ብኣካል ኣብ ቤት ጽሕፈት ቆንስል ምምላእ
- ቅዳሕ ኣብ ኢድ ዘሎ ወረቐት መንነት
- ኣርባዕተ ስእሊ 4,5x3.5 (ድሕሪ ባይታ ጻዕዳ)
- ስእሊ ምስ መነጸር ብሓኪም ዝተኣዘዘ ምስ ዝኸውን ብሓኪም ከም ዝትኣዘዘ ዘረጋግጽ ሰነድ
- ሰነድ መንበሪ ፍቓድ ኣብ ጀርመን/ ኣብ ኢድ ናይ ዘሎ ፓስፖርት ቅዳሕ
- ምሉእ ኣድራሻ
- ክፍሊት **20.00** ኣይሮ

## 1.3. መአረምታ ኣብ ወረቐት መንነት

መአረምታ መንነት ወረቐት (ስም፡ዕለተ ልደት፡ ወይ ቦታ ልደት) ዝምልከት ብቤት ፍርዲ ምስ ተወሰነን ኣብ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ብቆንስላዊ ጉዳያት ምስተረጋገጸን ጥራይ እዩ ዝፍጸም።

## 1.4. ዝጠፍአ ወረቐት መንነት

- መንነት ወረቐት ምስ ዝጠፍእ፡ ፎርም መሕትት ክምላእ ይግባእ። እዚ ከይተመለአ ናይ ምትካእ መስርሕ ኣይጅመርን ኢዩ።

- ቅዳሕ ምስ ዝህልው ይቕረብ
- ቅዳሕ ምስ ዘይህልው
  - ተዋሂቡ ዝጸንሐ ወረቐት-መንነት ኣበይን መዓስን ተዋሂብ
  - ተዋሂቡ ናይ ዝጸንሐ ወረቐት መንነት ቁጽሪ
  - ቁጽሪ መንነት ኣብ ዝምልከቶ ኣካል ኣብ ኤርትራ ምስ ተረጋገጸ መስርሕ ምትካእ ይጅምር
  - ምሉእ ስም ኣደ፡መበቆል ዓዲ ናይ ኣቦን ኣደን

- ክፍሊት **20.00** ኣይሮ

# 2. ፓስፖርት

## 2.1. ሓድሽ ፓስፖርት (ቅድሚ ሕጂ ፓስፖርት ዘይወሰዱ)

- ፎርም መሕተቲ ፓስፖርት ብኣካል ኣብ ቤት ጽሕፈት ቆንስል ምምላእ
- ክልተ(2) ስእሊ 4,5x3.5 (ባዮሜትሪክ ኮይኑ ድሕረ ባይታ ጻዕዳ)
- ቅዳሕ ኤርትራዊ ወረቐት መንነት
- ብምኽንያት መርዓን ካልእ ምኽንያታት ዝነበረ ስም፡ ዕለተ ልደት፡ ቦታ ልደት ክቕየር ምስ ዝድለ፡ እቲ ዝቕየር ብቤት ፍርዲ ምስ ጸደቐን ኣብ ቆንስላዊ ጉዳያት ምስተረጋገጸን ቀንዲ መበቆል (ኦርጅናል) ምስ ቀረበ ጥራይ ይኸውን
- ስእሊ ምስ መነጸር ብሓኪም ዝተኣዘዘ ምስ ዝኸውን ብሓኪም ከም ዝትኣዘዘ ዘረጋግጽ ሰነድ
- ሰነድ መንበሪ ፍቓድ/ ቅዳሕ ፓስፖርት
- ክፍሊት ንልዕሊ 18 ዓመት ዝዕድሜኦም <u>160.00</u> ኣይሮ ንትሕቲ ዕድመ <u>140.00</u> ኣይሮ
- ንመላኣኺ ቡስጣ ዘገልግል እኹል ብዝሒ ገንዘብ ዘለዎ ቴምብር

## 2.2. መዓልቱ ዝኣኸለ (ዝወደቐ) ፓስፖርት መተካእታ

- ፎርም መሕተቲ ፓስፖርት ብኣካል ኣብ ቤት ጽሕፈት ቆንስል ምምላእ
- ክልተ ስእሊ 4,5X3.5 (ባዮሜትሪክ ኮይኑ ድሕረ ባይታ ጻዕዳ)
- ቅዳሕ ተዋሂቡ ዝጸንሐ ፓስፖርት
- ቅዳሕ ኤርትራዊ ወረቐት መንነት
- ብምኽንያት መርዓን ካልእ ምኽንያታት ዝነበረ ስም፡ ዕለተ ልደት፡ ቦታ ልደት ክቕየር ምስ ዝድለ፡ እቲ ዝቕየር ብቤት ፍርዲ ምስ ጸደቐን ኣብ ቆንስላዊ ጉዳያት ምስተረጋገጸን ቀንዲ መበቆል (ኦርጅናል) ምስ ቀረበ ጥራይ ይኸውን
- ስእሊ ምስ መነጸር ብሓኪም ዝተኣዘዘ ምስ ዝኸውን ብሓኪም ከም ዝትኣዘዘ ዘረጋግጽ ሰነድ
- ሰነድ መንበሪ ፍቓድ/ ቅዳሕ ፓስፖርት
- ፓስፖርት ኤርትራ ኣቐዲሞም ሒዞም ንዝጸንሑ ንኹሉ ዜጋ (ዕድመ ብዘየግድስ) ዝሕተት ክፍሊት **<u>100,00</u>** ኣይሮ ኢዩ።
- ንመላኣኺ ቡስጣ ዘገልግል እኹል ብዝሒ ገንዘብ ዘለዎ ቴምብር

## 2.3. ዝጠፈአ ፓስፖርት መተካእታ

- ፓስፖርት ከም ዝጠፈአ ዘረጋግጽ ካብ ዝምልከቶ ኣካል ማለት ፖሊስ/ምምሕዳር መረጋገጺ
- ፎርም መሕተቲ ፓስፖርት ብኣካል ኣብ ቤት ጽሕፈት ቆንስል ምምላእ
- ክልተ ስእሊ 4,5X3.5 (ባዮሜትሪክ ኮይኑ ድሕረ ባይታ ጻዕዳ)
- ቅዳሕ ተዋሂቡ ዝጸንሐ ፓስፖርት (ኣቐዲሙ ዝተዋህበ ምስ ዝህሉ)
- ቅዳሕ ኤርትራዊ ወረቐት መንነት

- ብምኽንያት መርዓን ካልእ ምኽንያታት ዝነበረ ስም፡ ዕለተ ልደት፡ ቦታ ልደት ክቕየር ምስ ዝድለ፡ እቲ ዝቕየር ብቤት ፍርዲ ምስ ጸደቐን ኣብ ቆንስላዊ ጉዳያት ምስተረጋገጸን ቀንዲ መበቆል (ኦርጅናል) ምስ ቀረበ ጥራይ ይኸውን
- ስእሊ ምስ መነጸር ብሓኪም ዝተኣዘዘ ምስ ዝኸውን ብሓኪም ከም ዝትኣዘዘ ዘረጋግጽ ሰነድ
- ሰነድ መንበሪ ፍቓድ/ ቅዳሕ ፓስፖርት
- ክፍሊት ንልዕሊ 18 ዓመት ዝዕድሜኦም **180.00** ኣይሮ ንትሕቲ ዕድመ **160.00** ኣይሮ
- ንመላኣኺ ቡስጣ ዘገልግል እኹል ብዝሒ ገንዘብ ዘለዎ ቴምብር

## 2.4. ሌስ ፓስ

- ቅዳሕ ኤርትራዊ ወረቐት መንነት
- ኤርትራዊ ወረቐት መንነት ዘይብሉ ሓድሽ ወረቐት መንነት ንምውጻእ ቅጥዕታት የማልእ
- ኣርባዕተ ስእሊ 4,5×3.5 ባዮሜትሪክ እቲ ድሕረ ባይታ ናይ ስእሊ ጻዕዳ ክኸውን ይግባእ)
- ሌሰ ፓሰ ጠቕሊሉ ንኤርትራ ንዝምለስ ጥራይ ኢዩ ዝወሃብ
- ክፍሊት **35.00** ኣይሮ

## 2.5. ቪዛ

- ብውሕዱ ልዕሊ ሽድሽተ ወርሒ ኣገልግሎት ዘለዎ ፓስፖርት።
- ብዘይ ጉድለትን ዝተመልአ ፎርም መሕተቲ ቪዛ።
- ሓታቲ ኤርትራዊ ዜጋ እንተኾይኑ ቅድሕ ወረቐት መንነት የቕርብ፡
- ኤርትራዊ እንተዘይኮይኑ፡- ሙሉእ ስምን ቅዳሕ ኤርትራዊ ወረቐት መንነት ስልኪ ቁጽርን ናይ ኣብ ኤርትራ ዝቕመጥ ተሓታቲ።
- 1 ስእሊ
- ክፍሊት ንቡር ***50.00*** ኣይሮ

## 3. ውክልና

ውክልና ብመሰረቱ ብዙሕ ጥንቃቐ ዘድልዮ ሰነድ ስለዝኾነ፡ ኣብ ኣጸሓሕፋ ብዓይኒ ሕጊ ዘይቅቡል ምስ ዝኸውን ዝምልከቶ ቤትፍርዲ ወይ ኣካል ክነጽጎ ከምዝኽእል ኣብ ግምት ክኣቱ ይግባእ። ስለዚ ሰነድ ውክልና ብንጹር፡ ብዘይ ዘየሻሙ ቃላት ዝተጸሕፈን ኣድላዪ ሓበሬታታት ዝሓዘለን ክኸውን ይግባእ።

ውክልና ስልጣን ቅቡል ንክኸውን እዚ ዝስዕብ ነጥብታት ክማላእ ኣለዎ

- **ብወገን ወካሊ ክቕርብ ዘለዎ ሓበሬታ፡-**
    - ሙሉእ ስም
    - ቁጽሪ ወረቐት መንነት
    - ዕለትን ቦታ ልደትን
    - ህልዊ ኣድራሻ
- **ከም እውን ብወገን ተወካሊ፥-**
    - ሙሉእ ስም
    - ቁጽሪ ወረቐት መንነት
    - ዕለትን ቦታ ልደትን

- o ህልዊ ኣድራሻ

- እቲ ውክልና ኣብ ቅድሚ ሽማግለታት ከተማ ዝተፈጸመ ምስ ዝኸውን ካብ እቲ ሽማግለ መሰነይታ ደብዳበ ምስቲ ውክልና ተታሒዙ ይቐርብ። ብሓደ ዓይነት ሕብሪ ቀለም ፒሮን ብናይ ሓደ ሰብ ኢድን ክጸሓፍ ኣለዎ።
- ውክልና ምርግጋጽ ዕለተ-ልደትን ኩነተ-መርዓን ምስዝኸውን ተወካሊ ናይ ቀረባ ዘመድ (ወላዲ፡ ወላዲት፡ ሓዉ፡ ሓብቲ ወይ ሕጋዊ ጠበቓ ክኸውን ይግባእ)
- ክፍሊት ***45.00*** ኣይሮ
- ብኢ-ሜይል ንኣስመራ ክለኣኽ እንተተደልዩ **10.00** ኣይሮ
- ኣብ ውሽጢ 6 ወርሒ ኣብ ማ/ቤ/ጽ ኮማውን ቆንስላውን ጉዳያት ክረጋገጽ ኣለዎ
- ሰነድ ኣብ ኤርትራ ክረጋገጽ፡ መሕወይ ግብሪ ማለት ክልተ ካብ ሚእቲ ተኸፊሉ ብክሊራንስ ክስነ ግድን እዩ።

## 4. ምርግጋጽ ሰነድ

- ኣብ ኤርትራ ብመንገዲ ቆንስላዊ ጉዳያት ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ምስተረጋገጸ ሕጋውነት ለቢሱ ኣብ መንግስታዊ ይኹን ህዝባዊ ኣብያተ ጽሕፈት ተቐባልነት ይረክብ።
- ብኮፒ ወይ ብፋክስ ዝመጸ ሰነድ ኣይረጋገጽን እዩ።
- ኣብ ኤርትራ ዝተመስርሐ ሰነድ ግድን ኣብ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ቆንስላዊ ጉዳያት ተረጋጊጹ ምስ መጸ ጥራይ እዩ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኤምባሲ ጠቐላሊ ቆንስል ተረጋጊጹ ቅቡል ዝኸውን

### 4.1. ምርግጋጽ ህላወን ነባርነትን

ህላወ ምስክርነት ወይ ነባርነት ንጡሮታ ይኹን ወይ ንብረት ንኤርትራ ንምልኣኽ ዘኽእል፡ ሓታቲ ብህይወት ከምዘሎ ወይ ነባሪ ሃገር ጀርመን ከም ዝኾነ ዘረጋግጽ ሰነድ እዩ። ክቐረብ ዘለዎ ሰነዳት፡-

- ቅዳሕ መንነት ወረቐት
- ቅዳሕ ፓስፖርት
- ቅዳሕ ክሊራንስ
- መምለሲ ደብዳበ
- ክፍሊት 45.00 ኣይሮ

## 4,2,ምርግጋጽ ኩነተ-መርዓ

- ኣብ ኤርትራ ቃልኪዳን ክኣስሩ ዝደልዩ፡ ኣብ ሃገር ጀርመን ካብቲ ዝነብርሉ ምምሕዳር ከተማ Meldestelle ኣብቲ ኩነታት ሓዳር ዝሕብር ledig/ geschieden ወዘተ ዝሕብር ሰነድ ክቐርብ ይግባእ።
- እቲ ካብ Meldestelle ዝወሃብ ሰነድ እዋናዊ ክኸውን ኣለዎ
- ክፍሊት 45.00 ኣይሮ

## 4.3. ምርግጋጽ ካልእ ዝተፈላለዩ ሰነዳት

- መበቆላዊ ሰነድ ናይቲ መረጋገጺ ተደልይሉ ዘሎ ጉዳይ
- ካብ ኤርትራ ዝመጽእ ሰነድ ካብ ቆንስላዊ ጉዳያት ተረጋጊጹ ክመጽእ ኣለዎ
- ክፍሊት **45.00** ኣይሮ

# ቁጽሪ ሕሳብ ባንክ ናይ ቆንስላዊ ኣገልግሎታት

Empfänger: Konsulat des Staates Eritrea

IBAN Code: DE21 5005 0201 0000 6087 29

Hinweis: *Bitte fügen Sie den Überweisungsschein zum Antragsformular bei. Falls der Zahler ist eine andere Person, bitte den Namen des Antragstellers in „Verwendungszweck“ eintragen.*

*Zahlungen nur per Banküberweisung! Barzahlungen nehmen wir nicht entgegen!*

ቅዳሕ ብባንክ ናይ ዝተገብረ ክፍሊት መረጋገጺ ምስቲ ኣገግሎት ክወሃብ ተሓቲቱ ዘሎ ሰነዳት ተተሓሒዙ ክምዝቐርብ ይኹን። ከፋላይ ካልእ ሰብ ምስ ዝኸውን ኣብቲ „Verwendungszweck“ ዝብል ስም ተገልጋሊ ይስፈር።

*ዝኾነ ሰነድ ብወግዒ ብኢ-ሜይል ክስደደልኩም እንተደሊኹም ተወሳኺ ክፍሊት €10,00 ኣይሮ ግበሩ።*

## ናይ ስራሕ ሰዓታት
## Öffnungszeiten

Montag bis Donnerstag
08.00 – 13.00 und 14.00 - 17.00

**Konsulat des Staates Eritrea**
Lyoner Str. 34, 60528 Frankfurt am Main
Tel. +49 (0)69 69534600 , Fax. +49 (0)69 43 87 48
*www.konsulat-eritrea.de - www.konsulat-eritrea.de*